# ኣልማዛዊ እዮቤልዩ
# ዝኸሪ ቀዳሞት ዓመታት ሓርነታዊ ቃልሲ

  

*መምህር ነጸረኣብ ኣዛዚ*

## 1ይ ክፋል

## ኤርትራ ካብ ፖለቲካዊ ናብ ብረታዊ ቃልሲ

ኤርትራ ካብ ግንቦት 1941 ክሳብ ታሕሳስ 1950 ብሕልኽላኽ ዝመልኦ ፖለቲካዊ ቃልሲ ድሕሪ ምሕላፋ ኣብ መጨረሽታ ኣንጻር ናይ'ቲ ኣብ ባይታ ዝነበረ ሓቂ ብጽልዋን ተጽዕኖን ሓያላን ሃገራት ብፌደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ከም ትቑረን ተገብረ። ብ2 ታሕሳስ 1950 ዝተኣከበ መጋባእያ ሕቡራት ሃገራት፡ ብውሳነ 390 A/5 ናጽነት ይኹን ሕብረት ዝተመነዩ ኤርትራውያን ዘይተጸበዩዎ ንረብሓ ሓያላን ሃገራትን ኢትዮጵያን ዘገልግል ፌደረሽን ወሲኑ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ወኪል ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ዝነበረ ጆን ፎስተር ዳላስ፡ ከምዚ ክብል ብዛዕባ'ቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈጸመ ዓመጽ ተኣሚኑ፦
"ብዓይኒ ፍትሒ ርእይቶ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግምት ክኣቱ ይግባእ ነይሩ። እንተኾነ ግን፣ ስትራተጂያዊ ረብሓና ኣብ ቀይሕ ባሕሪን ማእከላይ ምብራቕን ዓለማዊ ሰላምን ጸጥታን፡ እታ ሃገር ምስታ መሓዛና ኢትዮጵያ ክትቀኑረን ግድን ገይሩዎ ኣሎ።"
ፌደረሽን ከም ኣምር ኣብ መንጎ ክልተ ወይ'ውን ካብ ክልተ ንላዕሊ ሃገራት ብድሌት ዝፍጠር ሕብረት ኮይኑ፡ ተጻመድቲ ኣብ ዘቑምኦ ላዕለዋይ ኣካል፡ ማዕረ ብጽሒትን ሓላፍነትን ክህልወን ዘፍቅድ ስርዓት'ዩ። እቲ ኣብ መንጎ ኤርትራ

ዝተሰገደደ ፌደረሽን ግን፡ ንኤርትራ ኣብ ትሕቲ ዘውዲ ሃጸይ ሃይለስላሴ ዝቖረነ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ናይቲ ፌደረሽንን ናይ ኢትዮጵያን መንግስቲ ክኸውን ዝፈቐደ፡ ምክልኻል፡ ጉዳያት ወጻኢ፡ ባጤራ፡ ፋይናንስ፡ ናይ ውሽጥን ወጻእን ንግዲ፡ መጓዓዝያ ውሽጥን ወጻእን፡ ወደባት ኤርትራን ካልእ ግንየታትን ካብ ኤርትራ መንዚዑ ንመንግስቲ ፌደረሽን (ንኢትዮጵያ) ዝመጠወ ዓማጺ ውሳነ'ዩ ነይሩ። ብዘይካ'ዚ ፌደረሽን ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ንሓደ ናይ ደሞክራሲ ኣንፈት ዝነበሮ ስርዓት ምስ ንጉሳዊ ስርዓት ክጽንብር ብምፍታኑ፡ ካብ ፈለማ ዘይክውንነታዊ ጽምዶ እዩ ነይሩ።

ውሳነ ፌደረሽን ኣብ ተግባር ክውዕል ኣብ ዝተፈተነሉ'ውን ካብ ኢትዮጵያን ሕሉፋት ደገፍታን ከቢድ ጸገም'ዩ ጎኒፉዎ። እተን ንነጻነት ዝድግፋ ሰልፍታት ኤርትራ ምስ ኩሉ ዕቃበታተን ምስቲ ሓድሽ መድረኽ ዝሳነ ስምን ውዳበን ፈጢረን ብመንፈስ ፌደረሽን ክምእዘዛ ቅሩብነተን ከርእያ ከለዋ ሕብረታውያን ግን "መኽርመዪ ዝረኸበስ መሳፍሒ ነይስእን" ኢሎም እናፈከሩ ምስ ኢትዮጵያ ተሓባቢሮም ፌደረሽን ንምፍራስ ካብ'ታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ጀሚሮም ተበገሱ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ኤርትራውያን ዝነበሮም ማሕበረ-ቁጠባውን ፖለቲካውን ምዕባለ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ክህሉስ ይትረፍ ከም ኣምር'ውን ይፍለጥ ኣይነበረን። ፖለቲከኛታት ኢትዮጵያ ድማ ነቲ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ፖለቲካዊን ቁጠባዊን ምዕባለ ኣብ ክንዲ ከም ጸጋ ከም ስግኣት ስለዝቖጸሩዎ ካብ ምርዓሙ፡ ምንቃሉ መሪጾም። ናይ'ቲ ኣብ ኤርትራ ዝግበር ኩሉ ሸርሕን ተንኮልን ሃንዳስን ኣተሓባባሪን ድማ፡ እቲ ኣብ ኤርትራ ክህሉ ዝተፈቕደሉ ቤት-ጽሕፈት ወኪል (እንደራሴ) ንጉስ ሃይለስላሴ ነበረ።
ቀዳሞት ግዳይ እንደራሴ ካብ ዝኾኑ ወገናት ንደገፍቲ ናጻነት ዝመርሑ ዝነበሩ ፖለቲከኛታት ከም በዓል ሸኽ ኢብራሂም ሱልጣን፡ ወልደኣብ ወልደማርያምን ካልኦትን እዮም። በቲ ክወርዶም ዝጀመረ መጥቃዕቲ ድማ ግዳይ መውጋእትን ስደትን ኮኑ። ነቲ ፌደራላዊ ስርዓት ክዕቅቡ ዝፈተኑ፡ ምፍራስ ፌደረሽን ዘይደገፉ ሕብረታውያን'ውን ኣይተናሕፉን። ናይ ባይቶን መንግስትን መዝነት ተሓዲጎም ከም ዝባረሩን ከምዝድስክሉን ተገብረ። እንትርፎ "ኢትዮጵያ ወይ ሞት" ዝብሉ ሕሉፋት ሕብረታውያን ኩለን ፖለቲካውያን ሰልፍታት ተኣጊደን፡ ጋዜጣታት ተዓጽየን ኣሰናዳእተን'ውን ኣብ ማእሰርቲ ተዳጎኑ።

ኣብ ርእሲ'ዚ ኤርትራ ብቑጠባ ነብሳ ከም ዘይትኽእል ንምርኣይ ቁጠባ ኤርትራ ደይ መደይ ኢልካ ከምዝዓኑ ተገብረ። ብዙሓት ፋብሪካታት ተነቒለን ንማእከል ኢትዮጵያ ክግዕዛ ከለዋ፡ ኣብኣተን ዝሰርሕ ዝነበረ ክኢላዊ ዓቕሚ ናብ ስደት ኣምሪሑ። ዓንቀጻት ፌደረሽንን ቅዋም ኤርትራን ዝፈቕዶ ፖለቲካውን ሰቪካውን መሰላት መታን ህዝቢ ከየስተማቕሮ ብመደብ ተጋሂሱ። ናይ እዝን

ካልእን ግህሰታት ግብረ መልሲ ከኣ፡ ዓበይቲ ከተማታት ኤርትራ ብናዕብን ሰለማዊ ሰልፍን ተናወጻ። ኢትዮጵያን ሕሉፋት ደገፍታን ግን ተቓውሞን ኣቤቱታን ህዝቢ ከይዓጠጦም፡ ኤርትራዊ ኣምራት ኣብ ምምንቃስ ብንጥፈት ተጸምዱ። መስከረም 1959፡ ኑቲ ዝያዳ ነጻነት ዝህብን መሰል ሰራሕተኛታት ዝሕሉን ሕጊ ዕዮ ናይ 1952 ኣልዮም ንኢትዮጵያ ዝምችእ ሓድሽ ሕጊ ኣብ ግብሪ ኣውዓሉ። 24 ታሕሳስ 1958 እታ ሓበን ኤርትራዊ መንነት ዝኾነት ባንዴራ፡ ካብ ዘንጋ ወሪዳ ናይ ኢትዮጵያ ባንዴራ በይና ከም ተንበልብል ተገብረ። ኣብ ግንቦት 1960 መንግስቲ ኤርትራ ዝብል ስም ናብ ምምሕዳር ኤርትራ ተቐዪሩ፡ መራሒ መንግስቲ ዝብል ናብ ዋና ኣመሓዳሪ ንኢሱ። ኣብ ተመሳሳሊ ዓመት፡ መምሃሪ ቋንቋ ካብ ዓረብን ትግርኛን ብግዲ ናብ ኣምሓርኛ ተለዊጡ። ብዘይካ'ዚ እቲ ብኣገልገልቲ ኢትዮጵያ ዝተመልአ ባይቶ ኤርትራ፡ ብጸቕጢ ወግዓዊ ቋንቋኡ ኣምሓርኛ ክኸውን ተሰማሚዑ። እዝን ካልእን ግህሰታትት ምስ ተወሰኸ፡ ደለይቲ ናጽነት ዝነበሩ ጥራሕ ዘይኮኑ ዕሉላት ደገፍቲ ሕብረት'ውን እቲ ዓመጽ ኣይተዋሕጠሎምን። እንተኾነ ኣዝዩ ስለዝረፈደ ንኢትዮጵያ ካብ ድሌታ ደው ዘብላ ሓይሊ ኣይነበረን።

ብሰንኪ'ቲ ኣብ ኤርትራ ካብ መዓልቲ ንመዓልቲ እናበኣሰ ዝኸይድ ዝነበረ ኩለንተናዊ ግህሰት ዝኸሓኑ ናብ ጎረባብቲ ሃገራት ተሰዱ። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ኣንጻር ዓማጺ ተግባራት ኢትዮጵያ ብምስጢር ዝቃለስ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ - ሓራካ - ወይ ድማ ማሕበር ሸውዓተ ዝተሰምየ ውድብ ብስደተኛታት መንእሰያት ኣብ ፖርት ሱዳን ቆመ። ዕላማ ሓራካ ኑቲ ናብ ናጽነትን ሕብረትን ተፈላልዩ ዝነበረ ህዝቢ ኣብ ሓደ ደንበ ኣሕቢርካ ንመግዛእቲ ኢትዮጵያ ካብ ኤርትራ ብምጽራግ ናጽነት ኤርትራ ምርግጋጽ ነበረ።
2 ሕዳር 1958 ኣብ ፖርት ሱዳን ኣብ መንበሪ ገዛ መሓመድ ስዒድ ናውድ ኣብ ዝተጋብአ መስራቲ ኣኼባ፡ እድሪስ መሓመድ ሓሰን (ገንሸራ) ሳልሕ ኣሕመድ እያይ፡ ሸኽ ዑስማን ሓሰን ሓጅ እድሪስ፡ ዑስማን መሓመድ ዑስማን፡ ያሲን መሓመድ ሳልሕ ኣልዓቓዳ፡ መሓመድ ኣልሓሳን ዑስማን፡ ሓቢብ ዑመር ገዓስን ካልኦትን መንእሰያት ነታ ቀዳመይቲ ዋህዮ ማሕበር ሸውዓተ ኣቖሙ። ድሕሪ'ዚ ናይ ሓራካ ዋህዮታት ብቕጽበት ኣብ ሱዳን፡ ስዑዲ ዓረብ፡ ግብጺ፡ ኢትዮጵያን ከተማታትን ዓድታትን ኤርትራን ፈለቓ። ሓራካ ኣንጻር ኢትዮጵያ ደው ብምባላ ጥራሕ ልቢ ብዙሓት ሰለበት። ካብ ከበሳን መታሕትን ኣስላምን ክርስትያንን ኣብ ሓደ መኣዲ ዝጸንበረት ሓራካ ንቃልሲ ኤርትራ ካብ ፖለቲካዊ ናብ ብረታዊ ቃልሲ ዘሰጋግር ድልድል ሃነጸት።

ፈደረሽን ካብ ግዜ ናብ ግዜ ኣብ ዝብሕጎጎሉ ዝነበረ ወቕቲ መብዛሕትኡን ሃገራት ኣፍሪቃ ካብ መግዛእቲ ኤውሮጳ ተገላጊለን፡ ንፋስ ነጻነት ከስተንፍሳ ከለዋ፡ ኤርትራ ግን፡ ተስፋ ናጽነት ጸልሚቱዋ ነበረ። ፖለቲካዊ ቃልሲ

ተጨውዩ ምሉእ ብምሉእ ናብ ረብሓ ኢትዮጵያ ተቐዪሩ ዝረኣዩ ብዙሓት ሃገራውያን ኣንጻር ኢትዮጵያ ውዳበታቶም ኣሓየሉ። ኣብዚ መዳይ'ቲ ብቐዳምነት ዝጥቀሱ ኣብ ግብጺ ዝመሃሩ ዝነበሩ ኤርትራውያን እዮም። ካብ ነዊሕ ዓመታት ኣብ ኣልኣዝሃር ብዙሓት ኤርትራውያን ናይ ትምህርቲ ዕድል ይረኽቡ ነበሩ። በዚ ድማ ኣብ መጀመርያ ሓምሳታት ብርክት ዝበሉ ኤርትራውያን ኣብ ካይሮ ይመሃሩ ነበሩ። ንሳቶም ካብ 1952 ጀሚሮም ስፖርታዊ ንጥፈታት ንምውህሃድ ከምኡ'ውን ሓደስቲ ተመሃሮ ኣብ ዝመጽኡሉ ዕድላት ማህደረ ትምህርቲ ክረኽቡ ንምሕጋዝ ሓደ ማሕበር ኣቖሙ።

1956 ግብጺ ኣንጻር እስራኤል ኣብ ትዋግኣሉ ዝነበረት ግዜ ሃጸይ ሃይለስላሴ ምስ እስራኤል እዩ ወጊኑ። ከም ግብረ መልሲ ድማ ጀማል ዓብደል ናስር ንኤርትራውያን ፖለቲካዊ ኣፍልጦ ብምሃቡ፡ ወልደኣብ ወልደማርያም ብቛንቋታት ትግርኛን ዓረብን ናብ ህዝቢ ኤርትራ ዝቐንዐ፡ ፈነወ ሬድዮ ክጅምር ዕድል ረኸበ። ብዘይካዚ ኣብ 1956 ግብጺ ብቐንዱ ኣንጻር እስራኤል ክትዋጋእ ከላ ምስ ግብጺ ዝተሰለፈ ስዒድ ሑሴንን ብጾቱን ሓደ ምስጢራዊ ኣኼባ ብምክያድ፡ ኣብ ኤርትራ ተኽእሎ ምክያድ ብረታዊ ቃልሲ ብምግምጋም ንገዛእ ርእሶም "ሕማየት ኣልወጠን" ወይ "ተኸላኸልቲ ሃገር" ብዝብል ስያመ ጸውዑ። ተመሃሮ ካይሮ ኣብ 1959/60 ምስ ሓራካ ርክብ ፈጢሮም እኳ እንተነበሩ፡ ኣብ ክንዲ ምስ ሓራካ ምስቶም ኣብ ኤርትራ ዝነበሩ ዓበይቲ ፖለቲከኛታት ክሰርሑ ብምምራጾም ስዒድ ሑሴን ንመሓመድ ኣድም (ገሲር) ናብ ኢብራሂም ሱልጣንን እድሪስ መሓመድ ኣድምን (ኣቦ መንበር ባይቶ ኤርትራ ዝነበረ) ልኢኹ ካብ ኤርትራ ከምዝወጹ ገበረ። እዞም ክልተ ፖለቲከኛታት፡ ነቲ ጻውዒት ተቐቢሎም ኣብ መጋቢት 1959 ብዘይሕጋዊ መንገዲ ከሰላ ድሕሪ ምእታዎም ኤርትራውያን ወተሃደራት ሰራዊት ሱዳን ሓጊዞሞም ብቐጥታ ንካይሮ ኣምርሑ።

እቶም ኣብ ካይሮ ዝነበሩ ተማሃሮ፡ ንሽኽ ኢብራሂም ሱልጣንን ንኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያምን (ደገፍቲ ናጽነት) ምስ ሽኽ እድሪስ መሓመድ ኣድም (ካብ መራሕቲ ተቐሲም ወይ ምምቃል) ነቲ ኣብ ግዜ ፖለቲካዊ ቃልሲ፡ ኣብ መንጎኦም ዝነበረ ፍልልይ ፈቲሖም መራሕቲ ክኾኑዎም ዝገበሩዎ ፈተነ ኣይሰለጦምን። እቲ ካብ ሰለስቲኦም ብዕድመ ዝነኣሰ እድሪስ መሓመድ ኣድም ግን፡ ምስ ተመሃሮ ካይሮ ዝሓሸ ቅርበትን ምርድዳእን ፈጠረ። ተመሃሮ ምስ እድሪስ ናብ ጎቦ 'መቐደም' ብምኻድ መደቦም ሓቢሮም ድሕሪ ምስምማዕ ማሕላ ፈጸሙ።

ድሕሪ ተደጋጋሚ ኣኼባታት 10 ሓምለ 1960 ኣብ ካይሮ 'ሓዲቖት ኣል-ሰመክ' ኣብ ዝተባህለ ቦታ፡ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ንምእላይ ብረታዊ ቃልሲ

ምክያድ ኣብ ዝብል ሓሳብ ተሰማምዑ። ካብ መንጎኦም ማእከላይ ኮሚተ መሪጾም ድማ ንእድሪስ መሓመድ ኣድም ኣቦ- መንበር ክኸውን መዘዝዎ። 17 ሓምለ 1960 እቲ ስሙ ውድብ - ጀብሃት ታሕሪር ኤርትርያ (ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ) ምዃኑ ዘፍለጠ ምትእኽኻብ፡ ዕላማን ኣገባብ ቃልስን ዘነጽር መግለጺ ኣውጽአ። ኣብ ዝቐጸለ ኣዋርሕ፡ ዘይከም ሓራካ ምቛም ተጋድሎ ሓርነት ብዕሊ ኣወጀ። ኣንጻር እቶም ኣብ ኤርትራ ዓስኪሮም ዝነበሩ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ኩናት ከካይድ ምዃኑ እውን ኣፍለጠ። እዞም ተመሃሮ ኣብ ካይሮ ኮይኖም ዝተፈላለየ ተቓውሞታት የካይዱ ከምዝነበሩ፡ ናይቲ ግዜ'ቲ ጋዜጣ 'ዘመን' ብ18 ግንቦት 1961 ዘውጸኣቶ ጽሑፍ ከምዚ ክብል ይገልጽ። "ኣብ ኣልኣዝሃር ዝመሃሩ ኤርትራውያን ተመሃሮ ነቲ ኣብ ካይሮ ዝርከብ ኤምባሲ ኢትዮጵያ ብምጥቃዕ፡ ኣብኡ ዝነበረ ዶኩመንትታ ብምቅጻል ሓንቲ ንብረት እቲ ኤምባሲ ዝኾነት ኣውቶሞቢል እውን ኣቃጺሎም።"

ኣብ ምጅማር ሰውራ ካልኦት ዝለዓለ እጃም ዝነበሮም፡ እቶም ኣብ ሱዳን ዝነበሩ ኤርትራውያን ወተሃደራት እዮም። ኣብቲ ግዜ'ቲ ኤርትራውያን ኣብ ሰራዊት መግዛእቲ እንግሊዝ ምዕስካር ልሙድ ተርእዮ ነበረ። በዚ መሰረት ናይ'ታ ኣብ ምብራቕ ሱዳን ዝነበረት "ኣልኡርታ ኣልዓረብያ ኣሸርግያ" ዝስማ ኣሃዱ ዓሳክር ዝበዝሑ ኤርትራውያን ነበሩ። መግዛእቲ እንግሊዝ ኣኽቲሙ ሱዳን ነጻነት ኣብ ዝተጐናጸፈትሉ ህሞት'ውን እቶም ኤርትራውያን፡ ወተሃደራት ሱዳን ኮይኖም ቀጸሉ። እንተኾነ ብሰንኪ መበቆሎምን ትሑት ደረጃ ትምህርቶምን ርኡይ ዝኾነ ጅግንነት እናፈጸሙ መዓርግ ኮነ ናእዳ ይረኽቡ ኣይነበሩን። ንሳቶም ካብታ ሱዳን ነጻ ዝወጸትላ ኣትሒዞም ብዛዕባ መንነቶምን ሃገሮምን ክግደሱን ክውደቡን ብምጅማር "ሙነዘማት ኣል ታሕሪር" ወይ "ውድብ ሓርነት" እትብሃል ንሓድሕዶም ዝተሓጋገዙላን ብዛዕባ ነጻነት ኤርትራ ሓሳብ ንሓሳብ ዝለዋወጡላን ምስጢራዊት ማሕበር ኣቖሙ።

ጣህር ሳልም ኣብ ምውዳብን ምምራሕን እዛ ማሕበር ዝለዓለ ተራ ነበሮ። ንሳቶም ካብ 1959 ኣብ ሓራካ ተወዲቦም እጃሞም እኳ እንተኣበርከቱ ጸኒሖም ግን ምስጢራውን ዘይንጹርን ኣካይዳ ሓራካ ሕቶታት ከምዘልዕሉ ገበሮም። ኣብ መጨረሽታ ኣባል ተመሃሮ ካይሮ መሓመድ ኣደም እድሪስ (ገሲር) ካብ ካይሮ ንከሰላ መጺኡ ብረታዊ ቃልሲ ከተካይድ ዝቖመት ውድብ ከምዘላ ምስ ገለጸሎም 'ፍታሕ ብሻምብቆ ብረት ጥራሕ እዩ ዝመጽእ' ኢሎም ዝኣመኑ ገለ ወተሃደራት ንሓራካ ጠንጢኖም ናብ ተማሃሮ ካይሮ ዘንበሉ። ኣቦ መንበር ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ እድሪስ መሓመድ ኣድም ከሰላ መጺኡ ምስኦም ርክብ ድሕሪ ምክያዱ ድማ፡ ብረታዊ ቃልሲ ንምጅማር ተሰማምዑ። እዞም ወተሃደራት ብሉጽ ታዕሊም፡ ናይ ውግእ ተመኩሮን ወተሃደራዊ ታክቲክን ዝፈልጡ ተባዓት ዓሳክር እኳ እንተነበሩ፡ ኣብ ኤርትራ ሰውራ ንምጅማር

ዘኽእሎም ባይታን ዓቕምን ደገፍን ኣይነበሮምን። በዚ ግን ተስፋ ኣይቈረጹን። ብዘለዎም ዓቕሚ ሓደስቲ ኣባላት ክውድቡ፡ ብረትን ጥይትን ክእከቡ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዳህሳስን ስለያን ከካይዱ ብወኒ ኣንቀዱ። ጣህር ሳልም፡ ዑመር እዛዝ፡ ባበክር መሓመድ እድሪስ፡ መሓመድ ሰዓድ ኣድም፡ ኣድም ግንድፍል፡ መሓመድ እድሪስ ሓጅን ካልኦትን ጭቡጥ ኩነታት ኤርትራ ክዕዘቡን ክውድቡን ኣብ ግዜ ዓመታዊ ዕረፍቶም ብመደብ ናብ ከተማታት ተስነይ፡ ኣቝርደት፡ ከረን፡ ኣስመራ ፋሕ ብምባል ዕላማ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ (ጀብሃ) እናገለጹ ንብዙሓት ወዲቦም ንሱዳን ተመልሱ።